# ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ኤርትራ
# ብምኽንያት ዝኽሪ 50 ዓመት - ህልቂት ኣስመራ

## (መበል 12 ክፋል)



ስርዓት ወያነ ሰለይቲ ኢሉ ብግፍዒ ካብ ዘባረሮም

*ታሪኽ ግፍዕታት ገዛእቲ ምዝካር ዘድልየሉ ምኽንያት፡ ኣብ ሕሉፍ ንምንባር ወይ ቂምን ጽልኢን ንምቕጻር ዘይኮነ፡ ካብኡ ትምህርቲ ብምቕሳም፡ ኣሉታዊ ታሪኽ ከይድገም ንቕሓት ንምፍጣር እዩ። ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 50 ዓመት ህልቂት ኣስመራን ከባቢኣን፡ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ህልዊን መጻኢን ወለዶታት ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነ ኢትዮጵያውያን እውን ክፈልጥዎ ዝግባእ፡ ብስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒን ገበንን ብጽምቑ ዝበለ ንኣንበብታ ተቕርብ።*

*ክሳብ 9ይ ክፋል ናይዚ ብተኸታታሊ ዝቐርብ ዘሎ ጽሑፍ'ዚ ብኣሕተምቲ ሕድሪ እተሰናድኣት መጽሓፍ “ግፍዒ፡ ዛንታታት ተሞኩሮ ገድሊ ቅጺ-8” ኣብ መእተዊ ጽሑፋ ኣስፊራቶ ዘላ እዩ። ገበናት ስርዓታት ኢትዮጵያ ግን ምስ ናጽነት ህዝቢ ኤርትራ ኣየብቅዐን። እዚ ነቕርበልኩም ዘለና ጽሑፍ ከኣ፡ ካብ 9ይ ቅጺ ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ መጽሓፍ “መኸተ፡ ካልኣይ ገድሊ ንምክልኻል ሃገር” ዝተወሰደ፡ ኣብ እዋን ወራራት ወያነ (1998-2000) ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተፈጸመ ግፍዒታት ዝገልጽ እዩ።*

## ምስጓግ ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ

ገለ ካብ ዓበይቲ ዕላማታት ንወያነ ብኣሸቀልቲ ዝተዋህቦ ወራር፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ካብ ስልጣን ምእላይ፡ ቁጠባን ትሕተ-ቅርጺን ኣዕኒኻ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጸበባን ጥሜትን ኣወዲቕካ ሞራሉ ብምስባርን ብምርዓድን፡ ሓንቲ ብወኪል ወያነ እትመሓደር፡ ትርጉም ህላወ ዘይብላ ኤርትራ ክውን ምግባር እዩ ነይሩ። በዚ ድማ፡ ወያነ ኲናት ድሕሪ ምእዋጁ፡ ሰላማዊ ህዝቢ ምርዓድን ምንብርካኽን ንብረቱ ኣዕኒኻን ዘሚትካን ምድካዩን ምምሳኑን፡ ካብ መነባብሮኡ ብዝተፈናቐለ ህዝቢ ቁጠባዊ ጸቕጢ ምፍጣር ስለዝነበረ ንሰላማዊ ህዝቢ ከም ኣካል ናይቲ ኲናት እዩ ጠሚቱዎ።

ነዚ ዕላማታት'ዚ ንምትግባር፡ ስርዓት ወያነ፡ ድሕሪ ፍሽለት ቀዳማይ ወራሩ (ግንቦት-ሰነ 1998) ብቐጥታ ነቲ ከም ኣካል ናይቲ ኲናት ካብ ፈለማ ወጢንዎ ዝነበረ መደብ ምብራር ሰላማውያን ኤርትራውያን ካብ ኢትዮጵያ ንምትግባር እዩ ተጓይዩ። ብ12 ሰነ 1998 ድማ፡ ብመራኸቢ ብዙሓኑ፡ "ጸጥታዊ ስግኣት" ዝኾኑ ኤርትራውያን ካብ ስራሕ መንግስቲ ክስጐጉን ካብታ ሃገር ክባረሩን ምኳኖም፡ ሃገራዊ ኣገልግለቶም ወዲኦም ኣብ ኢትዮጵያ ክቕመጡ ዝጸንሑ "ልኡኻት ሻዕብያ" መንእሰያትን ዝተጣየሱ ተጋደልቲን ድማ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ክጸንሑ ምኳኖም ብወግዒ ምግላጹ ይፍለጥ።

እዞም ዝኣበስዎ ዘይብሎም፡ ግዳያት ናይዚ እኩይ ዕላማ ዝኾኑ ግን መን እዮም? ድሕረ ባይታኦም'ከ እንታይ ይመስል? ምርኣይ ንኣረሜንነት ናይቲ ስርዓት ኣጉሊሑ ዘርኢ እዩ።

ቅድሚ መግዛእቲ ጣልያን፡ ኣመንቲ ኦርቶዶክስ፡ ኤርትራውያን ካብ ነዊሕ ጀሚሮም ብውልቆም ንትምህርቲ ክህነት ናብ ገዳማት ኢትዮጵያ ይኸዱ ምንባሮም ይፍለጥ። ካብዚኣቶም ዝበዝሑ ተማሂሮም ናብ ዓድታቶም እናተመልሱ ከገልግሉ እንከለው፡ ውሑዳት ኣብኡ ናብራ መስሪቶም ከይተመልሱ ዝተርፉ ነይሮም እዮም። ቀቅድሚ መግዛእቲ ጣልያን ነገስታት ኣቢሲንያ (ከም በዓል ወበ፡ ሱባጋድስ፡ ዮሃንስን ኣሉላን) ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ናይ ሕጂ ኤርትራ ሰፊሕ ግፍዒን ዝምታን ኣብ ዝፍጽምሉ ዝነበሩ ግዜ እውን፡ ነብሶም ንምድሓን ዶብ መረብ ሰጊሮም ኣብ ትግራይን ካልእ ከባቢታት ማእከል ኢትዮጵያን ክዕቈቡ ዝተገደዱ ስድራቤታት ነበሩ። ብጉስነት ማለት ብሳዕሪ-ብላዕ ከምኡ'ውን ብመውስቦ

ናብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኢትዮጵያ ምስ ተንቀሳቐሱ፡ ምስ ግዜ ኣብኡ ተጣይሶም ዝሰረቱ እውን ይርከብዎም። ግዝኣት ጣልያን ዝመረሮም፡ ካብ ሰራዊት ኢጣልያ እናኸድዑ ናብ መሬት ኢትዮጵያ ክዕቀቡ ዝኸዱ ዝነበሩ ኤርትራውያን ዓሳክር እውን ውሑዳት ኣይነበሩን። በዚ ድማ፡ ኣብቲ ታሪኻዊ ውግእ ዓድዋ ኮነ ጣልያን ንኢትዮጵያ ኣብ ዝወረረትሉ 1935፡ ኣብ ጎድኒ ኢትዮጵያውያን ኮይኖም ኣንጻር ጣልያን ዝተዋግኡ ኤርትራውያን ብዙሓት እዮም።

እዞም፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ናብ ኢትዮጵያ ዝሰበኹ ኤርትራውያን፡ ክሳብ ራብዓይን ሓሙሻይን ወለዶ ኣብታ ሃገር ተቐሚጦም፡ ምስቲ ሕብረተሰብ ተዋሃሂዶም፡ ገሊኦም ተዋሲቦም፡ ንነብሶም ከም ኢትዮጵያውያን ዝፈልጡዋ እዮም። “እቶም ንቑላት” (The Uprooted) ብዝብል ኣርእስቲ ብ”ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ” ተሓቲሙ ዝተዘርግሐ ውጽኢት መጽናዕቲ ከምዘረጋግጾ 12% ካብቶም ኣብ ዓመተ 1998 ዝተሰጎጉ፡ ምስ ኢትዮጵያውያን ዝተመርዓው መጻምድቶም ደቆምን ገዲፎም ዝተባረሩ እዮም። እቶም ካልኦት እውን እንተኾነ፡ ዋላ ከይተዋሰቡ ብብዙሕ መዳይ ምስቲ ሕብረተሰብ ተኣሳሲሮም፡ ምስ ቋንቋን ባህልን ክብርታትን ናይቲ ዝነብርሉ ሕብረተሰብ ተወሃሂዶም ዝቕመጡ ዝነበሩ እዮም።

ዝበዝሐ ስደት ኤርትራውያን ናብ ኢትዮጵያ ዝተራእየ ግን፡ ድሕሪ ጎበጣ ኤርትራ ብኢትዮጵያ፡ ስርዓታት ሃይለስላሰን ደርግን ደይ መደይ ኢሎም ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ቁጠባ ንምዕናው፡ ሓያሎ ትካላት እናመሓው ናብ ኢትዮጵያ ኣብ ዘግዕዝሉ ዝነበሩ ግዜ እዩ። በቲ ብሰንኪ ምምሕዳር ብሪጣንያን ገዛእቲ ኢትዮጵያን ዝሰዓበ ቁጠባዊ ውድቀ፡ ብዙሓት ኤርትራውያን ሽቕለት ንምርካብ ናብ ኢትዮጵያ ክስደዱ ተገዲዶም እዮም። ድሕሪ ናጽነት ከኣ፡ ውሑዳት ሃገራዊ ኣገልግሎቶም ዝወድኡ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ናይ ወጻኢ ሃገር መገሻ ንምስላጥ፡ ንምዝዋር፡ ቤተሰብ ንምብጻሕ ወዘተ. ናብ ኢትዮጵያ ዝኸዱ ነበሩ።

ሓያሎ ካብቶም ንነዊሕ እዋን ብቐዋምነት ኣብ ኢትዮጵያ ዝቕመጡ ዝነበሩ ኤርትራውያንን ኤርትራዊ መበቆል ዘለዎም ኢትዮጵያውያንን፡ ሳላ’ቲ መለለዪ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ናይ ስራሕን ጻዕረኝነትን ባህሊ፡ ኣብ ዝሓዝዎ ዓይነት ስራሕ ህርኩታትን ዕውታትን እዮም ነይሮም። በዚ ድማ፡ ጽቡቕ ኩነታት መነባብሮ ዝነበሮም እዮም። ዝበዝሕ ካብቲ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኢትዮጵያ፡ ኣውራ

ድማ ኣብ ኣዲስ-ኣበባን ካልኦት ዓበይቲ ከተማታት ኢትዮጵያን ዝነበረ ቁጠባዊን ንግዳዊን ትካላት፡ ከም ጋራጃት፡ ዋኒን ትራንስፖርት፡ ናይ ኤለትሪክ ንግዲን ስራሕን፡ ትካላት ጽርበት ዕንጸይቲን ሓጺንን፡ ትካላት መቀያየሪ ኣቑሑ መካይንን ናይ ህንጻ መሳርሒታትን ብኤርትራውያን ዝውነን እዩ ነይሩ። እዞም ግቡእ ግብሪ መንግስቲ እናኸፈሉ ብሕጊ ዝሰርሑ ዝነበሩ ኤርትራውያን ኣብ ቁጠባ ናይታ ሃገር ዝነበሮም ኣበርክቶ ብቐሊሉ ዝግመት ኣይነበረን። ብዘይካ'ዚ'ኦም፡ ብዙሓት ክኢላታትን ምሁራትን ኤርትራውያን፡ ኣብ ከም ቴለኮሙኒኬሽንን ሓይሊ ኤለትሪክን ዝኣመሰለ መንግስታዊ ትካላት፡ ካልኦት ኣብያተ ጽሕፈት መንግስቲ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን ኤምባሲታትን ይሰርሑ ነበሩ።

ካድረታት ስርዓት ወያነ፡ ነዞም ኣብ ኢትዮጵያ ዝቐመጡ ዝነበሩ ሰብ ጸጋ ኤርትራውያን፡ ብኣንጻር'ቲ ስርዓት ወያነ ኣብ ኢትዮጵያ ስልጣኑ ከደልድል ብንዋትን ካልእን ዝገበርሉ ወሳኒ ደገፍ፡ ብዓይኒ ቅንኢ ይጥምትዎም ምንባሮም ዘረጋግጽ፡ እቲ ናይ ምስጓግ ስጉምቲ ምስ ተኣወጀ ተቐዳዲሞም ዒላማ ዝገበርዎም ነዞም ትካላትን መንበሪ ኣባይቲን ዝውንኑ ጽቡቕ ቁጠባዊን ማሕበራዊን ቦታ ዝነበሮም፡ ዝበዝሑ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝቐመጡ ኤርትራውያን እዮም። ካብቶም ኣብ ፈለማ ናይ ምስጓግ ዙርያታት ዝተሰጉ ልዕሊ 35% ናይ ገዛእ ርእሶም መንበሪ ኣባይቲ ዝነበሮም፡ ወነንቲ ትካላትን ዓበይቲ ናይ ጽዕነት መካይንን ማሺነሪታትን ምንባሮም መጽናዕቲ ዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ የረጋግጽ። ሓደ ካብ ዓበይቲ ዕላማታት ናይቲ ምስጓግ ንብረት ምዝማት ብምንባሩ፡ መብዛሕትኦም ካብዞም ስጉጓት ንብረቶምን ገንዘቦምን ክውግኑን ሕጋዊ ውክልና ክገብርሉን እውን ኣይተፈቐደሎምን።

ካድረታት ወያነ፡ ነዞም ኤርትራውያን እናለቐሙ፡ ኣብ መዓስከራት ዳጉኖም ክምርምርዎም እንከለው ዘቕርብሎም ዝነበሩ ክሲታት፡ "ኣብ ረፈረንዱም ኣድሚጽኩም፡ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ተሳቲፍኩም፡ ኣባላት ማሕበረ-ኮም ኢኹም፡ ኣባላት ህግደፍ ኢኹም፡ ኣብ ክረምታዊ ማእቶት ተሳቲፍኩም፡ ሓደ ክልተ እዋን ወይ ልዕሊኡ ናብ ኤርትራ በጺሕኩም ነይርኩም" ዝብል ነበረ። እዚ ዝተጠቕሰ ክሲታት ከም ዓቢ ገበን ተቖጺሩ ምኽንያት ምስጓግ ይኸውን ነበረ። ኣብዚ ኩሉ ንዘይተሳተፉ ድማ፡ "ኣቦኻ - ኣደኻ ኣበይ'ዩ ዓዶም?" ዝብል ሕቶ ይቐርበሎ። ስም ናይ ኤርትራ ዓዲ እንተጠቒሶም ድማ ብቐጥታ ክባረሩ ይውሰኑሎም ነበረ።



ተዓለምቲ ወያነ ኣብ ሳሕል

እዞም ኤርትራውያንን ኤርትራ ዝመበቈሎም ኢትዮጵያውያንን፡ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ በቲ ኣብ መንጎ ህዝባዊ ግንባርን ወያነን ኣብ ቃልሲ ዝተመስረተ ዝምድናን ከም ውጽኢቱ ኣብ ክልቲኣን ሃገራት ዝሰፈነ ሰላምን ምሕዝነትን ክልቲኦም ህዝብታት እምብዛ ሕጉሳት ብምንባሮም፡ ክሳብ'ታ ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ወራር ዝኣወጀላ ሰዓት፡ ደገፎም ንስርዓት ወያነ ቁጡብ ኣይነበረን። ኣብቲ ፈለማ ዓመታት ከኣ፡ እቲ ስርዓት ክሳብ ዝድልድል፡ ገንዘብ ብምውጻእ ኮነ ጸጥታን ርግኣትን ከባቢ ብምሕላው፡ ኮታ ኣብ ኩሉ'ቲ ስርዓት ዝጠልቦ ኣን ዝነበረ ምትሕግጋዝ ልዑል ኣበርክቶ ይገብሩ ነበሩ።

ብዜጋታት ንሰላም ኣብ ኤርትራ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከምዘመልክቶ፡ ካብቶም ወያነ ብግፍዒ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኢትዮጵያ ዘባረሮም ልዕሊ 75,000 ኤርትራውያን፡ 7% ኣብቲ ወያነ ካብ 1991 ክሳብ 1993 ስልጣኑ ንምርግጋእ "ሰላምና መረጋጋት" ብዝብል ስም ዘቘሞ ናይ ጸጥታ ሓይሊ፡ ብረት ዝዓጠቑን ንምርግጋእ ናይቲ ስርዓት ብዝገበርዎ ኣበርክቶ ናይ ምስጋና ወረቐት ዝተቐበሉን እዮም ነይሮም። እቲ መጽናዕቲ ብተወሳኺ 6.8% ናይ ፓርቲ (ኣብ ውድባት ኢ.ህወደግ) ኣባልነት ዝነበሮም፡ 19.6% ገንዘብ ብምውጻእ ነቲ ፓርቲ ዝድግፉ ዝነበሩ፡ 45.2% ድማ ኣብ ግዜ ምርጫ ንኢ.ህወደግ ዘድመጽሉ እዮም ነይሮም። ንበዓል ድማዕካን ሓጋዚኻን ብዓይኒ ቅንእን ሕስድናን ምጥማት፡ ጥልመትን ክሕደትን ግን ባህርይ መራሕቲ ወያነ። በዓል ጽቡቐይ ዝበሃል ሕልና የለን።